Seattle Public Utilities

# ሰሜናዊ ቶርንቶን ተፈጥሮኣዊ ፈሳሲ መወገዲ ስርዓታት
(North Thornton Natural Drainage Systems)

ወረቐት ሓቂታት

# ብተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ኣቢልካ ማሕበረሰብና ምምሕያሽ

## ናይ ሰሜናዊ ቶርንቶን ተፈጥሮኣዊ ፈሳሲ መወገዲ ስርዓታት ፕሮጀክት ናብ መንበሪ ኣባይቲ ለይክ ሲቲ (Lake City) ይመጽእ ኣሎ!

ህዝባዊ ግልጋሎት ሲያትል (SPU) ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ለይክ ሲቲ ኣብ ዝርከበ ህዝባዊ ቦታ ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ክተክል እዩ። እዚ ፕሮጀክት እዚ ኣብ'ተን ኣናእሽተይ ወሓዝቲ ዘሎ ናይ ማይ ጽርየት ዘመሓይሽን ነቲ ነባራይ ከም ናይ ኣጋር መገዲታት ምምሕያሽን ናይ ትራፊክ ፍጥነት ምርግጋዕን ዝበሉ ማሕበረሰባዊ ጥቕሚታትን ዝህብ እዩ።

## ድሕረ ባይታ ፕሮጀክት

ሕድሕድ ዓመት ካብ ዝናብ ብዝመጹ ውሑጃት ናብ'ቶም ናይ ማይ ኣካላትና ልዕሊ 12 ሚልየን ፓውንድ ዝምዘን በካሊ ባእታ ይኣቱ። ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ኣብ ተረርቲ ኣካላት- ከም ናሕሲ ገዛውቲን፣ጎደናታትን፣ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታትን- ዝወቅዕ ማይ ቅድሚ ናብ ቶርንቶን ክሪክ (Thornton Creek) ብምቕጻል ድማ ናብ ለይክ ዋሺንግተን (Lake Washington) ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ፑጀት ሳውንድ (Puget Sound) ቅድሚ ምእታዉ ጎዳእቲ ዝኾኑ በከልቲ ባእታታት ክሸከም ይኽእል እዩ። እቶም በከልቲ ባእታታት ንዓሳታት፣ ንእንስሳታት ዘገዳምን፣ ብሓፈሻ ንተፈጥሮኣዊ ከባቢናን ክጎድኡ ዝኽእሉ እዮም።

እዚ ፕሮጀክት እዚ ኣካል ተፈጥሮኣዊ ፍሳስ መወገዲ ስርዓት ተሓባባሪ መደብ ዝኾነ መደብ ምክልኻል ናይ ሲያትል ወሓዝቲ (Plan to Protect Seattle's Waterways) ኮይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ሸቶታት ንምውቃዕ ድማ ይሰርሕ፥

- ኣብ ቶርንቶን ክሪክን ኣብ ለይክ ዋሺንግተንን ዝህሉ ብከላ መጠን ብምቕናስ፣ ኣብ'ቲ ትነበረሉ ከባቢ ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ብምስራሕ ነቲ ዝወቅዕ ማይ ምቁጽጻር።
- ካልኦት ከም ጸገማት መወገዲ ፈሳሲ ምቕናስ፣ ስራሕቲ ምርግጋዕ ፍጥነት ትራፊክ፣ ገረባትን፣ ተወሰኽቲ ስራሕቲ ምምልኻዕ ቦታን ዝኣመሰሉ ሓዊስካ ማሕበረሰባዊ ረብሓታት ምቕራብ።



ዝተወድአ ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ኣብ ጎደና መንበሪ ኣባይቲ።

### ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ እንታይ እዩ?

ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ኣብ መንኮብ መገዲ ዝስርሑ ዑምቀት ዘይብሎም ኳዕቲታት ማለት እዩ (ኣብ መንጎ ወሰን ጐደናታትን መስመር ንብረትን ዘሎ ህዝባዊ ቦታ)። ነቲ ብዝወቕዐ ማይ ዝመጹ በከልቲ ባእታታት ዘለዎ ውሕጅ ብግዜያውነት ክሕዙን ከጻርዩን ዝኽእሉ ፍሉይ ብዝኾነ ዓይነት ሓመድን ነዋሕቲ ሱራት ዘለዎም ኣትክልትን ድማ ይምልኡ።

### ተፈጥሮኣዊ ስርዓትታት መወገዲ ፈሳሲ ብኸመይ እዮም ዝሰርሑ?

**1** ማይ ኣብ ዝውቕዓሉ ግዜ፣ ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ትነብረሉ ዝርከቡ ተረርቲ ኣካላት ዝፈስስ ውሕጅ ናብ'ቲ ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ይውሕዝ። እቲ ናይ ኣታኽልቲን ሓመድን ርብራብ ድማ ነቶም በከልቲ ባእታታት መምዩ የትርፎም።

**2** እቲ ዝተጻረየ ውሕጅ ማይ ናብ ውሽጢ መሬት ይኣቱ ወይ ናብ'ቲ ናይ ዋሕዚ መትረብ ስርዓት ይውሕዝ።

**3** እቲ ስርዓት ከቢድ ማይ ኣብ ዝወቕዓሉ ግዜ ክሳብ 12 ኢንች ዝኸውን ማይ ንክሕዝ ተገይሩ እዩ ንድፊ ወጺእሉ። ድሕሪ ማይ ምውቅዑ ኩሉ እቲ ማይ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ወይ ናብ ውሽጢ መሬት ይኣቱ ወይ ናብ'ቲ ስሩዕ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ይኣቱ።



## ማሕበረሰባዊ ረብሓታት

ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ነቶም ነበርቲ እቲ ከባቢንን ሓፈሻዊ ተፈጥሮን ነዞም ዝስዕቡ ረብሓታትሓዊስካ ብዙሕ ጥቕሚታት ይህቡ፡

- ዓይነታት ምጽባቕ ገጸ መሬት ክውሰኽ ምግባር
- ጸገማት መወገዲ ፈሳሲ ምቕናስ
- ጥዕናኡ ዝተሓለወ ስርዓት ተፈጥሮ ኣናኣሸተይ ወሓዝቲ ማያት
- ምምሕያሽ ናይ ኣጋር ውሕስነትን ምንቅስቓስን
- ኣብ ጎደናታት ተወሰኽቲ ኣእዋማት ክህልዉ ምግባር

## መደብ ፕሮጀክት

እቲ ናይ ፕሮጀክት ጉጅለ ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ክስረሓሎም ዝኽእለሎም ዝተብሃሉ ቦታታት መባእታዊ ናይ ምፍላይ ስራሕ ሰሪሑ ኣሎ። ኣብ 2022፣ ነቲ ናይ መወዳእታ ናይ ቦታ መረጻን ማሕበረሰባዊ ረብሓታትን ዝምልከት ርኢቶ ንምእካብ ኣብ ሕድሕድ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ብሎካት ዘተኮረ ዳህሳስ ክነካይድ ኢና። እቲ ናይ መወዳኣታ ንድፊ ኣብ 2023 ዕላዊ ክኸውን እዩ።

ህንጸት ድማ ኣብ 2024 ተጀሚሩ ክሳብ 2025 ክካየድ ትጽቢት ኣለና።

---

If you need this information about the North Thornton Natural Drainage Systems project translated, please call (206) 462-9045.

**SPANISH** Si necesita la traducción de la información del proyecto del Sistema de drenaje natural de North Thornton, llame al (206) 462-9045.

**CHINESE—TRADITIONAL** 如果您需要Thornton溪北端支流自然排水系統項目信息的翻譯版本，請致電 (206) 462-9045。

**VIETNAMESE** Nếu quý vị cần hỗ trợ dịch thông tin về dự án Hệ Thống Thoát Nước Tự Nhiên North Thornton, xin vui lòng gọi (206) 462-9045.

**AMHARIC** ስለ ሰሜን ቶርንተን (North Thornton) የተፈጥሮ ፍሳሽ ሥርዓት ፕሮጀክት መረጃ እንዲተረጐም ከፈለጉ፣ እባክዎን (206) 462-9045 ይደውሉ።

**TIGRINYA** እንተደኣ ነዚ ናይ ሰሜናዊ ቶርቶን (North Thornton) ተፍጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ሓበሬታ ብትርጉም ክትረኽቦ ደሊኻ፡ ብኽብረትካ ናብ (206) 462-9045 ደውል።

**SOMALI** Haddii aad u baahan tahay macluumaadka ku saabsan Mashruuca Nidaamyada Biyo-mareenka Dabiiciga ah (Natural Drainage Systems) ee North Thornton oo la turjumay, fadlan wac (206) 462-9045.

**RUSSIAN** Если вам нужен перевод информации о проекте Естественных дренажных систем северной части реки Thornton (North Thornton Natural Drainage Systems), пожалуйста, позвоните по телефону (206) 462-9045.

**KOREAN** North Thornton 자연 배수 시스템 프로젝트에 관한 번역된 정보가 필요한 경우, (206) 462-9045로 전화하십시오.

**ARABIC**

إذا كنت بحاجة إلى هذه المعلومات حول مشروع شمال Thornton لأنظمة الصرف الطبيعية مترجمة، فيرجى الاتصال ب (206) 492-4812.

## ካርታ ፕሮጀክት




ህዝባዊ ግልጋሎት ሲያትል (SPU) ኣብ'ዚ ሐዚ ሰዓት ኣብ መላእ ከተማ ሲያትል ዝርከቡ ኣብ ብዙሓት ማይ ዝርከቡዎም ገምገም ወሓዝቲ ቦታታት ተፈጥሮኣዊ ስርዓት መወገዲ ፈሳሲ ኣብ ምህናጽ ይርከብ። ናይ'ዚ ፕሮጀክት እዚ ናይ ጽንዓት ቦታ ናይ ሰሜናዊ ቶርንቶን ክሪክ ወሰን ገምገም ወሓዝቲ ቦታታት ዘርኢ እዩ።

## ሕቶታት? ምስ ህዝባዊ ግልጋሎታት ሲያትል ይራኸቡ


**Grace Manzano | Project Manager**
**Grace.Manzano@seattle.gov | (206) 462-9045**


**ተወሳኺ ንምፍላጥን ኣባል ንምኧንን ነዚ ዝስዕብ ተወከስ:**
**www.seattle.gov/utilities/norththorntonnds**

Seattle Public Utilities